# ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ

ብሚካኤል ኣጎስቲኖ/ጀርመን

ታሕሳስ 18 2008

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
ክረክብ መዓልቦ
ክርኢ ደቁ እዝጊ ዝሃቦ
ክአቱ ዓዱ ዝጸበቦ
ዝወፈረ ክምለስ ኣብ ዝሓሰቦ
ክዕልል ፍቅሪ ስድራ ዘይጸገቦ

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
ሃየ ኢደይ ኢድካ ኢልና ንሰንድዎ
ተቐዚሙ ከሎ ኣብዘብሎ ጠፊእዎ
ሃመንመን እናበለ ኪቀላባዕ ደንጺይዎ
ጠሊሞሞ ጋዓት ተስሚ ምኹላስ ዘልመድዎ
ሕጂ ብሓባር ንድፋአዮ ክሽይድ ኢዩ ሃገር ረጥሪጥዎ

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
እቲ ቀደም ወጋሕታ ንግሆ
ትማሊ ዘይኮነ ብኣምሆ
ዝሓንጠጦ ከተግብሮ ህዝባዊ መርሆ
ልቢ ይዕብዩ ዝጸንሖ ከይተንብሆ
ሎሚ ማዓልቱ ኣብቂዑ እኒሄለ የተንብሆ
ወይሊኡ ኣብ ቂድምኡ ዝጸንሖ

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
ትማሊ ተሊሞም ተተልቢቦም
ክሽፋኑ እንተደለዩ ጉልባቦም
ግዜ ንታሪኾም ዘርጊሑ ንመዝገቦም
ኣብ ጥራይ ጎልጎል ዝተርፉ ሰቢቦም
ዉሕድ ዶ ኣታሊሎም ኣላጊጾም
ሕጂ ይቀበሉ ካብ ህዝቢ ፍርዶም

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
ህዝቢ ገዲፍካ ወጻእታኛታት ካብ ዓደምካ
ቶባእ ቱሩፍ ኮይኑ ጉዳይካ
ይመስለካዶ ንዓኻ ዝኣምንኻ
ካብ ማዓልቲ ናብ ማዓልቲ ዝቅር ሕግኻ
ዝገበርካ እንተገበርካ ከምዘይኮዉን ክነግረካ
ብሰላም ዶ ኣይማሓሸን ምርካብ ንህዝቢ ስልጣንካ
ናይ ጊዜ ሕቶ ድአ ኢዩ እንበር ንስኻስ ኣብቂዕካ

ተናቃኒቁ እቲ ጎቦ
ድሕሪ ህግደፍ ምግዳፍ ሃገርና
ክትድርበይ ኢያ ጥቀና
ክትምንምን ቅንዝርና

ኩሉ ክወርሶ ኢዩ ቅንዕና
ርሓት ባሓድነት ክዕለላ ንኹላትና
ጻማኣ ክትረክብ እዛ ብርኽቲ ሃገርና

ዝኽርን ሞጎስን ንስዉኣትና
ዓወት ንህዝብና